# ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ Samordnad individuell plan (SIP)

*ንዓኺ፡ ነቶም ምስ ቤትስልጣን ማሕበራዊ-ጉዳያትን ምስ ክንክን-ሕማምን ክትገብሮም ዘሎካ ርክባት ብሓደ ንኽዋሃዱልካ ትደሊ።*

**ካብ ምብስጫው - ናብ ጽልዋ ምሕዳር**

**ካብ ዘይርግጹነት ናብ -ኢድ ኣእታውነት**

**ካብ ዘይምሕዱርነት - ናብ ቅሳነት**

**ካብ ነንበይኖም ርክባት - ናብ ሓደ ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ ”SIP”**

## ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ Samordnad Individuell Plan (SIP)

*ንዓኻ ኣብ ኒይሾፒንግ ትርከብ፥ ነቶም ምስ እንዳ-ሶሻል፡ ምስ ቤትትምህርቲን ምስ ክንክን-ሕማምን ዘሎዉኻ ርክባት፥ ብሓደ ተጠርኒፎም ንኺዋሃዱልካ ሓገዝ ዘድልየካ ሰብ።*

እዚ ”SIP” ዚበሃል ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ (Samordnad individuell plan) እዚ ተዳልዩ ዘሎ፥ ንዓኻን ንቤተሰብካን፡ ንዅሉ'ቲ ካብ ኮሙን ይኹን ካብ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዚግበረልካ ሓገዛት ንኽተመሓድሩ፥ ብዙሕ ጊዜን ድኻምን ንኸይተጥፍኡ ብማለት'ዩ።

ነቶም ዘድልዩኻ ኵላቶም ንኽትርከብ፥ ማለት ነቲ ካብ ቤትስልጣን ማሕበራዊ-ጉዳያት፡ ካብ ቤትትምህርቲ፡ ካብ ክንክን-ሕማም ክትረኽቦ ዘድልየካ ነገራት ንኽትረክብ ሓላፍነት ዘሎዎም ንሳቶም እዮም። ስለዚ'ዩ እምበኣር፡ እዚ ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ (SIP)፥ ነቲ ምስ መን ከም ትራኸብን ብኸመይ ከም ትራኸብን ንጹር ኪገብረልካ ተዳልዩ ዘሎ።

*ንሱ ድማ ብኸምዚ ዚስዕብ ኣገባብ'ዩ ዚሰርሕ፦*

1. ንስኻ ባዕልኻ ወይ ሓደ ካብቲ ርክብ ዘሎካ ክንክን-ሕማም ወይ እቲ ቤትትምህርቲ ወይ ሓደ ካብቶም ኣዝማድካ ነዚ ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ (SIP)ንኺግበረልካ ይሓትት።
2. ኣብቲ ኣኼባ ናይ ”ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ” (SIP-mötet) ተረኺብካ፥ እቲ ንዓኻ ዘድሊ ኣገዳሲ ነገራት እንታይ ምኻኑ ትሕብር።
3. እቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝተወሰነ ቁም-ነገር ድማ፥ ከም መደብ ኮይኑ ኣብ መዝገብ ከም ዚሰፍር ይግበር። ንሱ'ዩ ድማ እቲ ”ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ” (SIP) ዚጽዋዕ። እቲ ምክትታል ናይቲ መደብ ድማ ካብ ሽዑ ከሚሩ ኣሎ።

## ብዛዕባ'ዚ ”ዝተዋሃደ ግላዊ መደብ” SIP ዝበልጸ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

*ምስቶም ኣብ ኒይሾፒንግ ዚርከቡ፥ ክንክን-ሕማም፡ ምስ ቤትስልጣን ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ወይ ምስ ቤትትምህርቲ ርክብ ግበር።*

**ሓበሬታ ክንክን-ሕማም**
Vårdguiden
1177

**ኒይሾፒንግ ኮሙን** - Nyköpings kommun
0155-24 80 00

ስም፦
ቁጽሪ ቴሌፎን፦
ኢ-መይል ኣድራሻ፦